2013-12-13

# ረኽሲ ጃርድያ

***ሓበሬታ ንሕሙማት። መንሸር ሓካይምለበደ።***

## ጃርድያ እንታይ'ዩ?

ጃርድያ: ወጽኣት: ዕግርግር: ከምኡ'ውን ኣብ ከብዲ ጋዝን መንፋሕትን ዘኸትል ጽግዕተኛ መዓንጣ'ዩ። ለጊቡካ ክሳዕ ትሓምምካብ 1-2 ሳምንታት ይወስድ። ለጊቡካ ከሎ'ውን ከይትፈልጥ ትኽእል ኢኻ። ነዚ ሕማም ረኽሲ'ዚ ብጸረተህዋስያን (ኣንቲብዮቲካ) ምፍዋስ ይከኣል። ጃርድያ ሕክምና እንተ ዘይወሲድካሉ ኣብ መዓንጣንነ ዊሕ ጊዜ ኪጸንሕ ይኽእል'ዩ።

## ብኸመይ ይለግበካ፤ ንኻልእከ መዓስ ከተላግብ ትኽእል?

ጃርድያ ብልሙድ ጽግዕተኛ ብዘለዎ መግቢ ወይ ማስተ ይለግብ። ጃርድያ ምፍላሕ ስለዝቐትሎ ብዝግባእ ዝበሰለ ወይ ዝተቐልወ መግቢ ምንም ሓደጋ የብሉን። እዚ ጽግዕተኛ'ዚ ኣብ ቀልቀል ይርከብ'ዩ፤ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ከኣ ኪላባዕ ይኽእል። ስለዚ ጽሬት ኢድን ሽንቲቤትን ምሕላውኣገዳሲ'ዩ። ኣብ እዋን ወጽኣት ተላባዕነቱ ዝለዓለ ኮይኑ፤ ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ምስ ወሰድካ ግን ቀልጢፉ ይንኪ። እቲ ኣወራ ልሙድ: ኣብ እዋን መገሻ ኣብ ወጻኢ ኪሕዝካ'ዩ፤ ይኹን'ምበር ምዝርጋሕ ለበደ ኣብ ሽወደን'ውን ኣሎ።

ነዞም ዚስዕቡ መምርሒታትን ምኽርታት ጽሬትን ብምኽታል: ሕክምና ጸረተህዋስያን ዝወሰደ ምልክት ሕማም ዘይብሉ ሰብ ዚበዝሕ እዋን ኪሰርሕ: ንቤትትምህርቲ ወይ መዋእለ-ህጻናት ኪኸይድ ይኽእል።

## ናብ ካልኦት ከይተላግብ እንታይ ክትሓስበሉ ዘድሊ ነገር ኣሎ?

- ወጽኣት ከሎካ ክትሰርሕ የብልካን።
- ድሕሪ ምብጻሕ ሽንቲቤት: ቅድሚምግቢ ምሓዝካን ቅድሚምምጋብን ኣእዳውካ ኣጸቢቕካ ተሓጸብ።
- ፈሳሲ ሳምናን ናይ ወልቅኻ ሽጎማኖን ተጠቐም። ወይከኣ ተወልዊልካ ዚድርበ መወልወሊ ወረቐት ተጠቐም።
- ኮፍ ማብሊ ዓይኒ-ምድርን መሕጸቢ ገጽ ባስካን ብጽሬት ሓዝ።
- መሐበሻ (ፓምፐርስ) ዘሎዎም ቈልዑ ተሰከምቲ ሕማም እንተ ኾይኖም: ድሕሪ ምቕያር መሐበሻ ብጥንቃቐ ኣእዳውካ ተሓጸብ። መቐየሪ ጣውላ ቈልዓ ብጽሬት ሓዝ። ዝረስሐ መሐበሻ ኣብ ጕማ ኣትዩ ምስ ንቡር ጐሓፍ ገዛ ይድርበ።
- ወጽኣት ገዲፉካ ቀልቀልካ ናብ ንቡር (ጽዑቕ) ተመሊሱ እንተ ወሓደ ሰሙን ከይሓለፈ: ኣብ መሐምበሲ/ዕቑር ማይ ኣቲኻ ክትሕምበስ የብልካን።
- ወጽኣት ዘሎዎም ቈልዑ ናብ ቤት ትምህርቲ ህጻናት ኪኸዱ የብሎምን፤ ይኹን'ምበር ድሕሪ ሕክምና ጸረተህዋስያን: ብቐጻሊ ምልክት ሕማም እንተ ዘይብሎም ከምንቡር ናብ ማእከል



**_smittskyddsenheten_**
Centrallasarettet, 351 85 Växjö. ☎0470-588278

ክንክን ቄልዑ ኪኸዱ ይኽእሉ'ዮም። ኣብ ቤትትምህርቲ ህጻናት ዚኸዱ ቄልዑ፡ ሕክምና ጸረተህዋስያን ጌሮም ምስ ብቕዑ ዳርጋ ሰለስተ ሰሙን ምስ ሓለፈ ንምርመራ ቅምጦ (ፕሩቭ) ይገድፉ።

- ስራሕካ ንዘይተዓሸጉ መግብታት ዚምልከት እንተ ኾይኑ፡ ሕማም ከም ዝለገበካ ንዘስርሓካ ከይወዓልካ ከይሓደርካ ክትሕብር ብመሰረት ኤውሮጳዊ ሕጊ መገቢ ትሓዝ ኢኻ።

ረኽሲ ጃርድያ ብመሰረት ሕጊ ለበደ (smittskyddslagen) ካብቶም ንማሕበረሰብ ሓደገኛታት (allmänfarlig sjukdom) ተባሂሎም ዚፍለጡ ሕማማት ሓደ'ዩ። ስለዚ ሓኪምካ ዚህበካ መምርሒታት ክትክተልን ምንጪ ለበደ ኣብ ምርካብ ዝዕላምኡ ዚግበር ምንዳይ ሕማም ወይ ካልኦት ሰባት ሕማም ለጊብዎም ከይከውን ንምርካብ ኣብ ዚግበር ጻዕሪ ክትሳተፍ ግቡእ ኣሎካ።

ነቲ ኣብቲ እትቕመጦ ኣውራጃ (län) ዘሎ ሓኪም ምክልኻል ለበደ (smittskyddsläkaren) እዉን ነቲ ዝተዋህበካ መምርሒታት ዳግመ-ርእይቶ ኪገብረሉ ክትጠልብ ትኽእል ኢኻ። ቅድሚ ዳግመ-ርእይቶ ምግባሩ ግን ዝተዋህበካ መምርሒታት ክትክተል ኣለካ።



***smittskyddsenheten***

Centrallasarettet, 351 85 Växjö. ☎0470-588278